# መሰረታዊ ትርጉም ደቀባት-ኤርትራን: መትከላት መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ኤርትራን

## ደቀባት ማለት እንታ'ዩ ትርጉሙ?

መርበብ ሓበሬታ ደቀባት-ኤርትራ ካብ ዝምስረት ኣንሆ ኣስታት 9 ዓመታት ኮይኑ። ኣብቲ ፈለማ እዋን ብወግዒ ዝተዘርግሓትሉ እዋን: ካብ ዝተፋላለዩ ተኻታተልቲ ብክልተ ሸነኻት: ኣወንታዊን ኣሉታዊን ርእይቶታት ውሒዞምና'ዮም። በቲ ሓደ ሸነኽ ኣዝዩ ዝተባብዕን ቅኑዕን ርእይቶታ መጺኡና። ንኣብነት ካብቶም ብዙሓት ዝተሓጐሱ "እንቋዕ እዚ ርኣና: ሽምዓ ይበርህ ስም ይመርሕ": ተዓወቱ! ልቦና ይሃብኩም! ከምቶም ደቀ-ባት ኣቦታትኩምን ኣባሓጐታትኩምን ድማ የማስልኩም! ዝብል ነበረ። ብኻልእ ሸነኽ ድማ ሓያሎ ሰባት ስንባደ ዝመልኦን: ኣሉታዊን ርእይቶትታት ደጋጊሞም ልኢኾምልና። ንኣብነት "ስለምንታይ ደቀ-ባት ዝብል ስም መሪጽኩም? ካልእ ስም ዲኹም ስኢንኩም? ደቀባት ክትብሉ ከሎኹም: ኣብ ኤርትራ ዘይደቀባት ከምዘለው ትሕብሩ ኣሎኹም ማለትዶ ኣይኮነን? ኣፍትሑላ ካልእ ስም ድኣ ቀይሩላ": እንዳበሉ ብነድሪ ኣጕባቢያምልና።

እቶም ዝምልከተና ኣካየድቲ መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ድማ: ከምዚ'ልና ብሕቶን መልስን መልክዕ ክንገልጸሎም ፈቲና። እቲ ስም መርበብ ሓበሬታ ደቀ-ባት ኤርትራ ኢልና ምጽዋዕናስ እንታዩ እቲ ጸገም ኰይኑ ዝርኣየኩም ዘሎ? ደቂ-ኣኽርያ ወይ ደቂ ኣስማሪኖ: ወይ ደቂ ኣባ-ሻውል: ወይድማ ደቂ-ሓዲሽ-ዓዲ ኢልና ኣንተንሰምዮኽ: ባህ ኢሉኩምዶ ምተቐበልኩሞ? ኣብ'ቲ ስም ድዩ እቲ ጸገም ወይስ ኣብ ትሕዝቶ? ደቀ-ባት ዝብል ስም ምውጻእና: ዘሰክፈኩም ተነካኢ ጸገም እንታይ እዩ? ንሕና'ምብኣር እቲ ኣውራ ቀኑምነገር ንብሎ: ኣብ'ቲ ሽም ዘይኮነስ ኣብቲ ትሕዝቶ'ዩ። ማለት እቲ ኣብ ደቀ-ባት ዝዝርጋሕ ርእሲ ዓንቀጻትን መግለጺታትን ጥራይ እዩ ወሳኒ። ብሓጺሩ ግን ንሕና <u>መርበብ ሓበሬታ ደቀባት-ኤርትራ</u> ኢልና ክንሰምዮ ከሎና: ዘየዋላውል መሰረታዊን ታሪኻዊን መንቀሊ ስለዘሎና ኢና። ትሕዝቶን ትርጉምን ደቀባት-ኤርትራ ድማ: መለለዪ መንነትና ስለዝኾነ: ብሰፊሑ እኳድኣ ብኸርዓት: ሰጋእ ከይበልና ክንገልጾ ዘሰክፍ የብልናን።

## <u>መሰረታዊ ትርጉም ደቀባት-ኤርትራ</u>

ደቂ ቀኑሽት ደቂ ባሕሪ: ደቂ ዓዲ: ደቂ ወረዳ: ደቂ ኣውራጃ: ደቂ ሃገር፣ ዝነብሩሉ መሬትን ሓሪሶም ዘፍርዩሉ ርስትን: ዝሕምብሱሉ ባሕርን ፈሊጋትን ቀላያትን: ዝጕዩሉ ጐላጕልን ሽኻታትን ዝውንኑ: ብሕጊ-እንዳባ ተማእኪሎም ብሓባር ዝዳነይሉ ባይቶን: ጭዋ ባህልን ፈሪሃ እግዜኣቢሄር ዘለዎ ቅዱስ ሃይማኖትን ዝውንኑ፣ ወለድኦም ዓሌቶምን መበቈሎምን ጅግንነቶምን ቀንዲ መለለያኦም ኮይኑ: ኣብ ኤርትራ ንውሉድ ወለዶ ኣንዳተዋራረሱ ብሸርዓት ክነብሩ ዝጸንሑ: ብፍላይ ንዓደቦኦም ብሓፈሻ ንሃገሮም ዘፍቅሩን: ብሓባር ንመሬቶምን ንመንነቶምን ባህሎምን ሃይማኖቶምን ክደፍር ንዝመጸ ባዕዳዊ ጸላኢ: መኪቶም ዝከላኸሉን: ክብሮምን ልዑላውነቶምን ንጸላእቲ ብገንዘብ ኣሕሊፎም ዘይህቡን: ብኻልእ ኣዘራርባ ዘኽርዕ ፍጻሜታት ደቀባት-ኤርትራ ዝፍጽሙ: <u>ደቀባት ኤርትራ</u> ይብሃሉ። እቶም ወለዶም ድሒሮም ኣብ'ቲ ጥንታዊ ኤርትራዊ ሕብረተ-ሰብ ዝተጸንበሩ ዓሌታት'ውን: ደቆም ኣብ ኤርትራ ተወሊዶም ዝዓበዩን ስለዝኾኑ <u>ደቀባት'ዮም</u>። <u>ንኤርትራ ዝሓልዩን ንህዝቢ ኤርትራ ዘፍቅሩን: ብኤርትራውነቶም ዝኾርዑን ኣንተኮይኖም ኣሞኽኣ ብሉጻት ደቀባት-ኤርትራ'ዮም።</u>

ከምኡ'ውን ኣብ ኤርትራ ተወሊዱ ዝዓበየ: ወዲ ሓረስታይ ይኹን ወዲ መሳፍንቲ ይኹን ወዲ ከንቲባታት: ወዲ-ጸማቕቲ ስዋ: ወይ ወዲ ቈናኒት: ወይከኣ ወዲ ሸቃላይ ይኹን ወዲ ጓሳ: ንኤርትራን ህዝባን ዝሓሊ ንወገኑ ኣሕሊፉ ዘይህብ <u>ወደባት ኤርትራ'ዩ</u>። እቶም ኣብ ኤርትራ ተወሊዶም ዝዓበዩን: ግን ከኣ ብባዕዳውያን ተዓሲቦም ንኤርትራን ህዝባን ኣሕሊፎም ዝህቡ'ውን: መንነቶም ዝነፍጎም ሰብ የለን: ሕማቕ መዓልቲ ውዒልኩም: ግን <u>ደቀባት ኢኹ'ዮም</u> ዝብሃሉ። ግን ከኣ ከድዓት ደቀባት-ኤርትራ ከምዝኾኑ ይሕብሮም።

እቲ ኤርትራዊ መራሒ'የ! ልዕለይ ኤርትራዊ የልቦን! ተቓሊሰስ ተዓዊተ'ውን'የ ዝብል ዜጋ'ውን: እንተድኣ ንኤርትራ ባህላን ሃይማኖታን ደፊሩ: ንህዝባ ኣጥምዩን ኣጽኒቱን: መሬታን ባሕራን ኣሕሊፉ ንጓኖት ዝህብ ኮይኑ: ከዳዕ ኤርትራዊ ዜጋ'ዩ። ኤርትራዊ-ወደባት ኣይኮንካን ዝብሎ ግን የብሉን።

## <u>ተወሳኺ መግለጺ ኤርትራዊ-ወደባት</u>

1ይ) ኩሎም ብኤርትራውነቶም ዝኣምኑ ዜጋታት ኤርትራ: ንድሕነት መሬትን ባሕርን ባህርያዊ ሃብትን: ብፍላይ ድማ ንህዝቢ ኤርትራ ክብሉ: ዝተቃለሱን ጌና'ውን ዝቃለሱን ዝሓልዩን ዘለው: ብኤርትራውነቶም ዝኾርዑን ዝሕበኑን <u>ደቀባት-ኤርትራ'ዮም</u>።

2ይ) በተሰቦም ዘፍቅሩን: ዓዶም ዘፍቅሩን: ወረዳኦም ዘፍቅሩን: ኣውራጃኦም ዘፍቅሩን: ንሃገሮም ኤርትራ ድማ ዘፍቅሩን <u>ደቀባት-ኤርትራ'ዮም</u>።

3ይ) ኣብ ኤርትራ ንውሉድ ወለዶ ኣንዳተዋራረሱ ክነብሩ ዝጸንሑ: ሰርወ ወለድኦም ኣጸቢቖም ብዝርዝር ዝፈልጡ: ዓሌቶምን መበቈሎምን ጅግንነቶምን ቀንዲ መለለያኦም ከምዝኾነ ብሸርዓት ዝኣምኑ: <u>ብሕጊ-</u>

እንዳባ ተማእኪሎም ብሓባር ዝዳነይሉ ባይቶ ዘለዎምን: ጭዋ ባህልን ፈሪሃ እግዜኣቢሄር ዘለዎ ቅዱስ ሃይማኖት ዝኣምኑን: ብፍላይ ብሓባር ንመንነቶምን ንዓደቦኦምን: ብሓፈሻ ድማ ንመሬቶምን ባህሎምን ሃይማኖቶም ክደፍር ዝመጸ: ባዕዳዊ ጸላኢ መኪቶም ዝከላኸሉን: ክብሮምን ልዑላውነቶምን ንጸላእቲ ብገንዘብ ኣሕሊፎም ዘይህቡን: ፍጻሜታት ደቀባት-ኤርትራ ዝፍጽሙን: ደቀባት ኤርትራ ይብሃሉ።

## መትከላት መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ኤርትራ

1) መትከልን ዕላማን መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ኤርትራ: ንኹሎም ደቂ-ኣንስዮን: ደቂ ተባዕትዮን ኤርትራውያን ዜግታት: ንምርኻብን ንምውህሃድን: ብውህደት ድማ ውሽጣውያንን ግዳማውያንን ጸላእትና ፈሊጥና: ጸረ ግፍዕን ጭቈናን ደው ንምባል'ዩ።

2) ዝኾነ ይኹን ንመንነትናን: ንባህልናን ንሃይማኖትናን: ዝፈላሊ ጽሑፋት ይኹን ርእይቶታት ኣይንዝርግሕን።

3) ዘይተረጋገጸን ዘይተጨበጠን ሓበሬታ ተቐቢልና: ኣብ መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ኣይንዝርግሕን።

4) ክብርን ስምን ውልቀ-ሰባትን: ማሕበራትን ፓርትታትን: ወይ ድማ ውድባትን ዘጥፍእ ሓበሬታ: ንህዝብናን ንሃገርና ስለዘይዘጠቅም ኣይንዝርግሕን።

5) ብመደብ ንህዝብናን ንሃገርና ኣሕሊፎም ዝህቡ: ኤርትራውያን ተቓውሞ ውድባት ይኹኑ: መንግስታት ጐረባብቲ ሃገራት: ሕጋውን ግቡእን መልሲ ክንምልሰሎም ሃገራዊ ሓላፍነትና'ዩ።

6) ንህዝብና ዝፈላልን: ንልዑላውነት ሃገርና ዝጻባእን ጽሑፋት: ኣይንዝርግሕን።

7) ኣስማቶምን መንነቶምን ክዕቀበሎም ዝደልዩ ደረስቲ ግላዊ መሰሎም ከምዝኾነ ተገንዚብና ንዕቅብ።

8) ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ግዳም ንዘሎ ኣስላሙን ክርስትያኑን ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ: ንመሰሉን ንሓርነቱን ኣብ ዝገብሮ ጻዕሪ ዓቕምና ዝፈቕዶ ሓገዝ ንልግስ።

9) ፍሉጥ ኣድራሽኦምን ብስእሊ ዝተሰነየ ጽሑፎምን ዝሓዘለ ጽሑፋት: ዝልእኩልና ጽሓፍትን ደረስትን: ብሓንጐፋ ተቐቢልና ንኣንበብቲ ኣዋሕሊልና ንዝርግሖ።

10) ብስነ-ስርዓትን ብኣገባብን ዝቐርበልና: ለበዋን ሃናጺ ውቐሳን ብዘይ ቀላዓለም ንቕበልን: ንዝርግሖን ከኣ።

### GUIDELINES

*Articles written by pen names as well as texts that contains slanderous, defamatory and inciting statements will not be posted. Any article or submission sent to Deqebat. Com must include the writer's real name, home/office telephone number and address. However, all the personal information forwarded will be kept strictly confidential and will be disclosed to any one.*

### DISCLAIMER

*The author has exclusive and sole responsibility for the content and opinions expressed in each article contributed on Deqebat Team. Comments, or questions relating to each article must be directed to the author.*


### COPYRIGHT

*©Copyright 2000-2007 Deqebat.Com. All rights reserved. All materials shall not be published, broadcasted, rewritten, transmitted, disseminated by all other means of communication without the written authorization from the competent authority of Deqebat Team. Deqebat.com reserves the right not to post submitted Articles.*

## A STATEMENT OF APOLOGY FOR ARABIC SPEACKING ERITREANS

*Deqebat Team would like to make it clear to all our beloved Arabic Speaking Eritrean brothers and sisters that the reason why we do not have an Arabic column in Deqebat.Com website is due to lack of dedicated and committed human resources at our disposal who can read, write, manage, administer, monitor as well as take responsibility for Arabic column of our website.*

*Deqebat Team hopes to include Arabic language in the future if and when we have the necessary dependable and professional human resources at our disposal who believe in promoting secular, democratic, multi-ethnic, multi-religious, tolerant and peaceful society and are genuinely committed to the separation of governmental and religious affairs.*

*መተሓሳሰቢ:*

ነዚ ኣብ ላዕሊ ኣቕሪብናዮ ዘሎና መግለጺ: መተካእታ ከቕርብ ዝደሊ ሰብ ኣንተድኣ ኣልዩ: ጽሑፋቱ ኣብ ድላዩ እዋን: ንመርበብ ሓበሬታ ደቀባት: www.deqebat.com ብኢመይል webmaster@deqebat.com ኣቢሉ ክልእከልና እንዳተላቦና: ብፍቓዱ ድማ ንኣንበብቲ ክንዝርግሖ ከምንኽእል ንማባጻዕ።

መርበብ ሓበሬታ ደቀባት ኤርትራ www.deqebat.com *04 መስከረም 2009 ዓ.ም.*